UNITED ERITREAN ASSOCIATION

# ዝተመሓየሸ

# ዓንዲ-ሕጊ

# ናይ

# ስሙር ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን

# ኣብ

# ሎስ ኣንጀለስን ከባቢኣን

# ግንቦት 14, 2011

<u>ወግዓውነት ዓንዲ ሕጊ</u>

እዚ ሕጊ'ዚ ኣብ ጉባኤ ቀረቡ ድሕሪ ምጽዳቑ ከም ወግዓዊ ዓንዲ ሕጊ ማሕበር ይፍለጥ። ብዘይካ ብድምጺ 2/3 ናይ ኣባላት ማሕበር ብሙሉእ ይኹን ብኸፊል ንምቕያር ፡ ንምውሳኽ ፡ ወይ ምስራዝ ኣይካኣልን።

# መእተዊ

ናይ ስደት መነባብሮና ዘስዓቦ ማሕበራዊ ሽግራት ንምምካት ፡ ምትሕብባር ከምዝጠልብ ብምግንዛብ፣

ቁጠባውን ባህላውን ማሕበራውን መነባብሮና ክብ ንምባል ጻዕርናን ጽዓትናን ምጥርናፍን ምውህሃድን ከምዘድሊ ብምስትውዓል፣

ኣዎንታዊ ሸነኻት ልምድታትናን ጸኒሓትናን ምዕባሌኡ ንምርግጋጽ ሓቢርና ንምንቅስቃስ ፡ ከም መሳርሒ ዘገልግል ማሕበር ከምዘድሊ ብምርዳእ፣

እዚ ማሕበር'ዚ ካብ ዓሌታዊ ፡ ፓሊቲካዊ ፡ ሃይማኖታዊ ፡ ጾታዊ ፡ ወገናዊ ፍልልያት ዝርሓቐ

ንኹሉ ኣብ ዕላማታቱ ዝኣምን ፡ ብዘይኣድልዎ ዝሓቁፍን ዘገልግልን ክኸውን ከምዘለዎ ብምእማን፣

ንሕና ኣብ ሎስ ኣንጀለስን ከባቢኣን እንነብር ኤርትራውያን ነዚ ዘይመኽሰባዊ (Non-Profit)

ናይ ምትሕግጋዝ ማሕበር ነቑውም ኣሎና።

ዓንቀጽ 1.

<u>ወግዓዊ ስም</u>

<u>ስሙር ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን ኣብ ሎስ ኣንጀለስን ከባቢኣን</u>

ዓንቀጽ 2.

<u>ዕላማታት ማሕበር</u>

2.1 ኣወንታዊ ሸነኻት ኤርትራዊ ልምድታትን ጸኒሓትን ምዕቃብን ምምዕባልን

2.2 ኣብ ሞንጎ ኤርትራውያን ፍቕሪ ፡ ስኒት ፡ ሕውነት ምስራጽን ምስሳንን

2.3 ዝተፈላለየ ባህላዊ ፡ ትምህርታዊ ፡ ስፖርታዊ ፡ ስእላዊ ፡ ስነጽሑፋዊ

ትያትራዊ ወዘተ መደባት ብምስራዕ ህይወት ናይ ኣባላት ምድልዳልን ምምዕባልን

2.4 ኣብ ስደት ዝዓበዩ ዘለዉ መንእሰያትን ህጻናትን ምስ ኤርትራዊ ቛንቛታት ልምድታትን ምልላይ ፣ ካብ ኣሉታዊ ጽልዋታትን ጸይቂ ልምድታት ተወጊዶም ፣ ምዕቡልን ጽሩፍን መንገዲ ንክኽተሉ ምኹስኳሶምን ምእላዮምን

2.5 ቁጠባዊ ዓቕሚ ኤርትራውያን ንምምዕባልን ንምስፋሕን ምጽዓር

2.6 ንሓደስቲ ተቐማጠ ኤርትራውያን ኣድላዪ ዝኾነ ምትሕግጋዝ ምግባር ምኽርን ሓበሬታን ምሃብ

2.7 ሞያዊ ክእለት ኤርትራውያን ንምምዕባልን ፣ ንዝያዳ ኣፍራዪ ንምግባርን ፣ ኣብ ትምህርቲ ፣ ስራሕ ንግዲ ዝተኰረ መደባት ምስራዕ

2.8 ማሕበራዊ ሽግራት ከም ሓዘን ፣ ሕማም ፣ ሓደጋ ወዘተ ንምምካት ምሕጋዝ ፣ ሓበሬታ ምሃብ ፣ ጸዓት ናይ ኣባላት ምውህሃድን ምስራዕን ምምራሕን ትምህርቲ  ስራሕ ንግዲ ዘተኰረ መደባት ምስራዕ

2.9 ኣብ ሃገርና ዝፍጠር ህጹጽ ማሕበራዊ ወይ ባህርያዊ ጸገማት ናይ ህዝብና ንምቅላል ዓቕምና ብዘፍቅዶ ምስታፍ

2.10 ምስ ዝተፈላለያ ሞያውያን ማሕበራትን ፣ ናይ ግብረ-ሰናይ ትካላትን ፣ ንዕብየትን ረብሓን ማሕበር ዘገልግል ዝምድና ምፍጣር

## ዓንቀጽ 3.

## <u>ኣባልነት</u>

3.1 ንዕላማ ማሕበር ዝኣምን ብሕግታቱ ዝምእዘዝ ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ኤርትራዊ ኣባል ክኸውን ይኽእል

3.2 ካልእ ዝኾነ ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ ንምዕባሌ ማሕበር ንምርግጋጽ ዝጽዕር ፣ ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ዝድግፍ ፣ ኣባል ክኸውን ይኽእል

3.3 ነፍሲ ወከፍ ኣባል ዕላማን ትልምን ማሕበር ክኣምንን ክከላኸለሉን ብሕግታት

## ዓንቀጽ 4.

## ግዴታ ኣባል

'Requirement'

4.1 ሓደ ሰብ ኣባል ንምዃን ናይ ኣባልነት ቅጥዒ ከመልእን ናይ መመዝገቢ ገንዘብ ክኸፍልን ይግባእ

4.2 ኣባል ብመሰረት ውሽጣዊ መምርሒ ማሕበር ዓመታዊ ክፍሊት ኣብ ግዚኡ ክኸፍል ይግባእ

4.3 ኣባል ይኹን ንኣባልነይ ዝሓትት ሰብ ፡ ብዘቕርቦ መመልከቲ መሰረት ፡ ፈጻሚት ሽማግለ መመዝገቢ ይኹን ዓመታዊ ክፍሊት ክኸፍል ዓቕሚ ከምዘይብሉ ምስተረጋገጸ ካብ'ዚ ግቡእ'ዚ ተማሒሩ ምሉእ ኣባልነት ይረጋገጾሉ

4.4 ኣባል ኣብ ስራሓት ማሕበር ብድልየቱ ክዋሳእ ፡ ክሳተፍ ብኡ ኣቢሉ ምዕባሌ ማሕበሩ ንምርግጋጽ ክጽዕር ግቡኡ ኢዩ

## ዓንቀጽ 5.

## መሰል ኣባል

5.1 ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሓንትን ማዕረን ድምጺ ኣላቶ

5.2 ንፍሲ ወከፍ ኣባል ኣብ ጉባኤ ክሳተፍን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ክምረጽን ክመርጽን መሰል ኣሎዎ

5.3 ግቡኡ ዘማልኤ ኣባል ብመሰረት ሕግታትን መምርሒታትን ማሕበር ፡ ንብረት ማሕበር ንኽግልገለሉ መሰል ኣሎዎ

5.4 ሓደ ኣባል ማሕበር ብእተውጽኦ ሕግን መምርሒታትን መሰረት ካብ ማሕበራውን ባህላውን ኣገልግሎታት ማሕበር ክጥቀም መሰል ኣሎዎ

5.5 ግቡኡ ዘማልአ ኣባል ኣብ ኣኼባታት ኣካያዲት ሽማግለ ክምታዓዘቢ ክሳተፍ መሰል ኣለዎ

5.6 ግቡኡ ዘማልኤ ኣባል መዛግብትን ሰነዳትን ማሕበር ንምርኣይ ብጽሑፍ ንፈጻሚት ምስ ዘመልከት ንክርኢ መሰል ኣለዎ። ፈጻሚት ሽማግለ ንሓታቲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ጠለቡ ተማልእ

5.7 ሓደ ኣባል ብዛዕባ ኩነታትን ኣካይዳን ማሕበር ዝምልከት ፡ ብጽሑፍ ርእይቶኡ ወይ ጥርዓኑ ንኣካያዲት ሽማግለ ከቕርብ ምሉእ መሰል ኣለዎ። መልሲ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ይወሃብ

5.8 ሓደ ሰብ ኣብ ልዕሊኡ ዝተወሰደ ናይ ምስንግ ውሳኔ ምስ ዘይቕበሎ ፡ ጥሮዓኑ ናብ ኣካያዲት ሽማግለ ከቕርብ መሰል ኣለዎ

## <u>ዓንቀጽ 6.</u>

## <u>ቅርጺ ማሕበር</u>

### 6.1 ጉባኤ

6.1.1 ጉባኤ ዝልዓለ ስልጣን ናይ ማሕበር ኢዩ። ብተሳታፍነት ናይ ኩሎም <u>ግቡኦም ዘማልኡ</u> ኣባላት ይቖውም

**6.1.2 ስሩዕ ጉባኤ ኣብ ክልተ ዓመት ኣብ ውሽጢ ወርሒ መጋቢት ይካየድ**

6.1.3 ኣካያዲት ሽማግለ ግዜን ቦታን ወሲና ፣ (ቅድሚ ሓደ ወርሒ) ንኩሎም ኣባላት ብእትዝርግሖ ጽሑፍ ይጽዋዕ

6.1.4 ክልተ-ሲሶ (2/3) ካብ ኣባላት ኣካያዲት ሽማግለ ወይ ካብ ሓሙሳ ካብ ሚእቲ (50%) ንላዕሊ ግቡኦም ዘማልኡ ኣባላት ማሕበር ብክታሞም ምስ ዝሓቱ ፣ ህጹጽ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ይግበር

6.1.5 ኵሉ ውሳኔታት ጉባኤ ብተራ ብዝሒ ድምጺ ይሓልፍ። ኣብ ዓንቀጽ 8 ከምዝተጠቕሰ ዓንዲ ሕጊ ንምምሕያሽ ዝውሰድ ውሳኔታት ግን ብ2/3 ድምጺ ናይ ጉባኤ ይሓልፍ

6.1.6 ምልኣተ ጉባኤ ዝህሉ ካብ 50% ንላዕሊ ካብ ኣባላት ምስ ዝርከቡ ኢዩ። ካብ 50% ንላዕሊ ኣብ ቀዳማይ ጻውዒት ምስዘይርከቡ ንካልኣይ ቆጸራ ይመሓላለፍ። ኣብ ካልኣይ ቆጸራ ጉባኤ ብዝተረኽቡ ኣባላት ማሕበር ይካየድ ፡ ዕላውነት ድማ ይህልዎ

6.1.7 ኣብ ምኽፋት ጉባኤ ንጉባኤ እተካየድ 3ተ ዝኣባላታ ሰክረተርያ ትምረጽ

6.1.8 ጉባኤ ዓመታዊ ጸብጻብ ናይ ኣካይዲት ሽማግለን ተቆጻጻሪት ሽማግለን ይሰምዕ ፡ ይመያየጥ ፡ የጽድቕ

6.1.9 ጉባኤ 9 ዝኣባላታ ኣካይዲት ሽማግለ 6 ተጠባበቕትን ይመርጽ

6.1.10 ጉባኤ ሰለስተ ዝኣባላታ ተቖጻጻሪት ሽማግለ ይመርጽ

6.1.11 ጉባኤ ናይ መጸኢ መደባት ናይ ማሕበር ክትሕንጽጽ ንኣካያዲት ሽማግለ ሓላፍነት የሕብላ። ጉባኤ ኣካያዲት ሽማግለ ዝቕረበትሉ መደብ ስርሓት ይቕበልን የጽድቅን ወይ እውን ይነጽግ

## 6.2 ኣካያዲት ሽማግለ

6.2.1 ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታት ማሕበር ወግዓዊት መሪሕነት ማሕበር እያ

6.2.2 ኣብ ጉባኤ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ብዝተመረጸት 9 ዝኣባላታ ሽማግለ ትቐውም

6.2.3 ካብ ኣባላት ሽማግለ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ምስ ዝጐድሉ ካብ ተጠባበቕቲ ይትክኡ

6.2.4 ዕድመ ኣገልግሎት ኣካያዲት ሽማግለ ክልተ ዓመት እዩ

6.2.5 ኣብ ዓንዲ ሕጊ ማሕበር መሰረት ብምግባር መደባት ስራሕ ትሕንጽጽ ፡

ኣብ ግብሪ ኣወዓዕልኡ ትከታተል

6.2.6 ስሩዕ ኣኼባ ኣብ ነፍስ ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ይኸውን

6.2.7 2/3 ካብ ኣባላታ ምስ ዝሰማምዑ ህጹጽ ኣኼባ ናይ ኣካያዲት ሽማግለ ይጽዋዕ

6.2.8 ምልኣተ ጉባኤ ካብ 50% ንላዕሊ እንተተረኺቡ ይረጋገጽ

6.2.9 ውሳኔታት ሽማግለ ብተራ ብዝሒ ድምጺ ይሓልፍ

6.2.10 ምስ ዓንዲ ሕጊ ብዘይጋጮ ውሽጣዊ መምርሒ ማሕበር ተውጽእ

6.2.11 ካብ ውሽጣ ሓሙሽተ ዝኣባላታ ፈጻሚት ሽማግለ ትመርጽ ( )

6.2.12 ካብ ኣባላትን ንምዕባሌ ማሕበር ዝጽዕሩን ዝድግፉን ዘይኣባላት ተጠቓልል ሸውዓተ ዝኣባላታ ኣማኻሪ ቦርድ የቕውም

6.2.13 ጸብጻብ ፈጻሚት ሽማግለ ትቕበል ፣ ትመዝን ፣ ስጉምቲ ትወስድ

6.2.14 መዓልታዊ ስራሓት ማሕበር ንምስላጥ ፣ ኣድላዪ መጽናዕቲ ድሕሪ ምክያድ ቀዋሚ ሰራሕተኛ ንምቑጻር ትውስን

6.2.15 ኣካይዲት ሽማግለ፡ ፈጻሚት ሽማግለ ግቡኣ ምስዘይተግልእ ኣውሪዳ ሓዳስ ፈጻሚት ሽማግለ ክተመርጽ መሰል ኣለዋ

6.2.16 2/3 ካብ ኣካያዲት ሽማግለ ምስ ዝሰማምዑ ንፈጻሚት ሽማግለ ከውርድዋ ይኽእሉ

6.2.17 ኣካያዲት ሽማግለ ንሓዳስ ፈጻሚት ሽማግለ ብብዝሒ ድምጺ ትመርጽ

## 6.3 ፈጻሚት ሽማግለ

6.3.1 ኣካያዲት ሽማግለ ብዝመረጸቶም 5ተ ኣባላት ትቖውም። ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ እዞም ዝስዕቡ ይኾኑ።

1. ኣቦ መንበር
2. ዋና ጸሓፊ
3. ተሓዝ ገንዘብን ሓላፊ ድለባን ቁጠባን
4. ሓላፊ ህዝባዊ ኣገልግሎት
5. ሓላፊ ባህልን ልምድን

6.3.2 ኣብ መንጎ ክልተ ኣኼባታት ኣካያዲት ሽማግለ ዘሎ ግዜ ምሉእ ሓላፍነት ይህልዋ

6.3.3 ንውሳኔታት ኣካያዲት ሽማግለ ኣብ ግብሪ ተውዕል
6.3.4 ግዚያዊ ኮሚተታት ንፍሉይ ጉዳያት ከተቖውም ትኽእል
6.3.5 ናይ ፈጻሚት ሽማግለ ኣባላት ኮሚተታት ዝኾኑ ትመዝዝ
6.3.6 ስሩዕ ኣኼባኣ ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ ይኸውን። ኣቦ መንበር ወይ ብዝሒ ኣባላታ ምስ ዝሰማምዑ ኣኼባ ይጽዋዕ

6.3.7 2/3 ካብ ኣባላታ ምስ ዝሰማምዑ ህጹጽ ኣኼባ ኣካያዲት ሽማግለ ክጽውዑ ይኽእሉ

## 6.4 ኣቦ መንበር

6.4.1 ኣቦ መንበር ናይ ፈጻሚት ሽማግለን ናይ ኣካያዲት ሽማግለን ኢዩ
6.4.2 ዕላዊ ተጸዋዒ ማሕበር እዩ
6.4.3 ናይ መንግስታዊ ርክብባትን ዝምድናታትን ይከታተልን የካይድን የማዕብልን
6.4.4 ኣኼባታት ኣካያዲት ሽማግለን ፈጻሚት ሽማግለን ይመርሕ
6.4.5 ጸብጻባት ኮሚቲታት ፈጻሚት ሽማግለ ይቕበል ፡ ንስራሓት ፈጻሚት ሽማግለ ይመርሕን ይከታተልን
6.4.6 ጸብጻብ ናይ ፈጻሚት ሽማግለ ንኣካያዲት ሽማግለ የቕርብ
6.4.7 ንስራሓት ናይ ዝተፈላለያ ኣካላት ማሕበር ይቆጻጸርን የዋህድን

## 6.5 ዋና ጸሓፊ

6.5.1 ዋና ጸሓፊ ናይ ፈጻሚት ሽማግለን ናይ ኣካያዲት ሽማግለ እዩ
6.5.2 መዛግብን ማሕተምን ማሕበር ይዕቕብ
6.5.3 ቃል ኣኼባታት ይሕዝ
6.5.4 ኣታውን ወጻእን ናይ ጽሑፍ ርኽክባት የሰላስል

6.5.5 ኣቦ መንበር ኣብ ዘይሃለወሉ ከም ግዜያዊ ኣቦ መንበር ኰይኑ የገልግል

6.5.6 ዛዕባ ኣኼባ ይሰርዕ

## 6.6 ተሓዝ ገንዘብን ሓላፊ ድለባን ቁጠባን

6.3.1 ንብረትን ገንዘብን ማሕበር ይዕቅብ

6.3.2 ኣቦ መንበር ቁጠባን ድለባን ኮሚቲ እዩ

6.3.3 ቁጠባዊ ንጥፈታት ማሕበር ዝሕብር ጸብጻብ ኮሚቲ ናብ ኣካያዲት ሽማግለ የቕርብ

6.3.4 ተቆጻጻሪት ሽማግለ መዛግብን ሰነዳትን ኣብ ዝሓተተቶ እዋን የቕርብ

## 6.7 ሓላፊ ህዝባዊ ኣገልግሎት

6.3.1 ኣቦ መንበር ናይ ህዝባዊ ኣገልግሎት ኮሚቲ እዩ

6.3.2 ማሕበር ንህዝቢ ዘቕርቦ ኣገልግሎት የማእከል ፡ ሓበሬታ ምስናቕን ኣገልግሎት ህዝቢ ንምምዕባልን ይጽዕር

6.3.3 ኣኼባታት ኮሚቲ ህዝባዊ ኣገልግሎት ይመርሕ

6.3.4 ጸብጻብ ስራሓት ህዝባዊ ኣገልግሎት ኮሚቲ ናብ ኣቦ መንበር የቕርብ

## 6.8 ሓላፊ ባህልን ልምድን

6.8.1 ኣቦ መንበር ኮሚቲ ባህልን ልምድን እዩ። ኣኼባታታውን ይመርሕ

6.8.2 ባህላዊ ንጥፈታት ማሕበር የተግበርን ከማዕብሎ ይጽዕርን

6.8.3 ጸብጻብ ናይ ባህልን ልምድን ኮሚቲ ናብ ኣቦ መንበር የቕርብ

## 6.9 ኮሚተታት ፈጻሚት ሽማግለ

### 6.9.1 ኮሚቲ ድለባን ቁጠባን

ሀ. ገንዘባውን ንብረታውን ዓቕሚ ማሕበር ንምምዕባሉ ትጽዕር

ለ. ካብ ኣባላትን ፡ ግዱሳት መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ደገፍ ንምርካብ መደባት ትሰርዕን ትንቅሳቀስን

ሐ. ተሓዝ ገንዘብን ሓላፊ ቁጠባን ድለባ ብዝሃባ መምርሒ መሰረት ንብረት ማሕበር ትዕቅብን ሓላፍነት ትወስድን

### 6.9.2 ኮሚቲ ህዝባዊ ኣገልግሎት

ሀ. ንጽጉማት ኤርትራውያን ዝግበር ደገፍ ተማእክልን ተዋፍርን

ለ. ማሕበራዊ ጸገማት ከም ሞት ፡ ሓደጋ ወዘተ ንምቅላል ዝካየድ ስራሓት ጕስጓስ ተካይድን ተማሓድርን

ሐ. መንግስታዊ ትካላትን ግላዊ ማሕበራትን ዝሀብኦ ነጻ ኣገልግሎት ኣጽኒዓ ፡ ንኣባላት ትሕብርን ትዝርግሕን

መ. ካብ ሞያውያን ኤርትራውያን ክርከብ ዝኽእል ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ሓገዛትን ተማእክልን ትዝርግሕን

ሰ. ቁጠባዊ ዓቕሚ ኤርትራውያን ክብ ንምባል ዘድሊ ትምህርትን ሰሚናርን ተካይድን ፡ ሓበሬታ ትህብን

### 6.9.3 ኮሚቲ ባህልን ልምድን

ሀ. ባህላዊ ንጥፈታት ማሕበር ተማዕብል

ለ. ትምህርታዊ ዕማማት ማሕበር ተካይድን ተማዕብልን

ሓ. ቋንቋታትን ኣወንታዊ ልምድታትን ኤርትራ ቀጻልነቱ ንምርግጋጽ ትጽዕር

መ. መንእሰያት ካብ ኣሉታዊ ጽልዋታት ርሒቖም ብግቡእ ተኹስኹሶም ዝዓብይሉ መንገዲ ተናዲን ንምምዕባሉ ትጽዕርን

ሰ. ጥዕና ኣባላት ንምሕላው ስፖርታዊ ንጥፈታት ተካይድ

ረ. ናይ ማሕበር ቤት-ንባብ ተቕውምን ተማዕብልን

ቀ. ናይ ማሕበር ምዕባሌ ትሕብርን ኣባላት ትምህርን ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ፍቕርን ስኒትን ንምስሳን እትጽዕርን መጽሔት ተዳሉ

## 6.10 ኣማኻሪ ቦርድ

6.10.1 ኣካያዲት ሽማግለ ብእትምርጸም ሸውዓተ ኣባላት ትቐውም

6.10.2 ንምዕባሌን ዕብየትን ማሕበር ዘገልግል ምኽርን ሓሳባትን ንኣካያዲት ሽማግለ ትልግስ

6.10.3 ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሽዱሽተ ወርሒ ምስ ኣካያዲት ሽማግለ ናይ ሓባር ኣኼባ ተካይድ

## 6.11 ተቖጻጻሪት ሽማግለ

6.11.1 ኣብ ጉባኤ ብዝተመረጹ 3ተ ኣባላት ትቐውም

6.11.2 ካብ ውሽጣ ኣቦ መንበር ትመርጽ

6.11.3 መዛግብቲ ተሓዝ ገንዘብ ትቖጻጸር

6.11.4 ጸብጻብ ናይ ስርሓ ኣብ ዓመት ንጉባኤ ተቕርብ

6.11.5 ብጉዳይ ኣተሓሕዛን ኣሰራርሓን ገንዘብን ንብረትን ማሕበር ዝምልከት ኣገዳሲ ትብሎ ሓሳባትን ለበዋታትን ንኣካያዲት ሽማግለ ኣብ መንጎ ዓመት ክተማኽር ትኽእል

## ዓንቀጽ 7

## ድስፒልናዊ ስጉምታት

7.1 ሓደ ኣባል ብመሰረት ኣካያዲት ሽማግለ ተውጽኦ መምርሒ ግቡእ ክፍሊት ምስ ዘይከፍል ንምድማጽ ይኽልከል። ካብኡ ሓሊፉ ንዓመት ምስ ዘይከፍል ካብ ኣባልነት ይውገድ።

7.2 ንሕግታት ማሕበር ዝጥሕስ ወይ ዝጻረር ኣባል ፣ መጀመርታ ብፈጻሚት ሽማግለ ብጽሑፍ መጠንቀቕታ ይዋሃቦ። ኣብ ካልኣይ ፈጻሚት ሽማግለ ልእኽ ብምስዳድ ይውከሶ። ዘይእዱብ ተግባራት ምስ ዝቕጽል ብውሳኔ ፈጻሚት ሽማግለ ካብ ማሕበር ይውገድ።

## ዓንቀጽ 8

## ወግዓውነት ዓንዲ ሕጊ

እዚ ሕጊ'ዚ ኣብ ጉባኤ ቀረቡ ድሕሪ ምጽዳቑ ከም ወግዓዊ ዓንዲ ሕጊ ማሕበር ይፍለጥ። ብዘይካ ብድምጺ 2/3 ናይ ኣባላት ማሕበር ብሙሉእ ይኹን ብኸፊል ንምቕያር ፣ ንምውሳኽ ፣ ወይ ምስራዝ ኣይካኣልን።